
# ኢንፍሉዌንዛ



## ክታበት ኢንፍሉዌንዛ መን ክወስድ ዘለዎ፤

- ዕድሚኡ 65 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾነ ኵሉ ሰብ።
- ብቐሊሉ ክሓምሙ ኣብ ዝኽእሉ ጒጅለ ዝምደቡ ትሕቲ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናትን ዓበይትን።

እዚ ንዓኻ ወይ ንውላድካ ዝምልከት ምዃኑ ርግጸኛ እንተ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።

## ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ብኸመይ ይሰርሕ፤

- እቲ ክታበት፡ ንኣካላትና ካብ ቫይረሳት ኢንፍሉዌንዛ ንነብሱ ክከላኸል ይምህሮ።
- እቲ ክታበት ኣብ ቅልጽም ብመርፍእ ይወሃብ።
  ህጻናት ነቲ ክታበት ኣብ ኣፍንጫ ብምንጻግ ኣቢልካ እውን ክወስዱ ይኽእሉ እዮም።
  ምስ ክታበት ኮሮናን ኒሞኮካልን ኣብ ሓደ ግዜ ክውሰድ ይከኣል እዩ።
- እቲ ክታበት ክሰርሕ ክሳዕ ዝጅምር ካብ 1-2 ሰሙን ይወስድ።

## ድሕሪ ክታበት እንታይ ይኸውን፤

- ብዙሓት ሰባት ኣብቲ መርፍእ እተወግኣሉ ቦታ ገለ ቃንዛ የጋጥሞም፡ ቍሩብ ክቐይሕን ክሓብጥን ከኣ ይኽእል እዩ።
- ገለ ሰባት ከኣ ረስኒ፡ ቃንዛ ጭዋዳታት፡ ቁሩብ ናይ ሕማም ወይ ናይ ድኻም ስምዒት ይስምዖም። እዚ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ባዕሉ ይጠፍእ እዩ።
- ድሕሪ ክታበት ብዛዕባ ዘጋጥመካ ምልክታት ርግጸኛታት እንተ ዘይኰንካ፡ ምስ ሓኪምካ ተዛራረብ።

ተወሳኺ ኣብዚ ኣንብብ፦
fhi.no/voksenvaksinasjon

FHI